# ናይ ደገፍ መልእኽቲ ናብ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

## ቍጽሪ 14. መሓመድ ስዒድ ዓንጠጣ፡-
## ሓደ ካብቶም ንተሓኤ ዝመስረቱ ቀዳሞት ተጋደልቲ

ክቡራት ኣባላት ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ሰላምታይ ይብጻሕኩም።

ኣቐዲመ፡ ኣብ ጉባኤኹም ንክካፈል ዝተገብረለይ ዕድመ ኣመስግን። እንተኾነ ግን፡ ብፍሉይ ኵነታት ኣብ ጉባኤኹም ክሳተፍ ብዘይ ምብቅዐይ ይቕሬታ እሓትት። ጉባኤኹም ዕዉትን ስኒት ዝመልኦን ክኸውን እምነየልኩም። ጉባኤኹም፡ ድሕሪ ናጽነት፡ ኣብ ዝሰዓበ፡ ንመላእ ህዝቢ ዝውክል መንግስቲ ንምቛም ዝዓለመ፡ ኣገዳሲ ካልኣይ መድረኽ ኢዩ ዝካየድ ዘሎ። ነዚ ዕላማ'ዚ ንምርግጋጽ ከኣ፡ ህዝብና ኢድ ንኢድ ተታሓሒዙ ክቃለስ ይግብኦ።

ስለ'ዚ፡ ኵሉ ግዜ ክንዝክሮ ዝግብኣና ጉዳይ እንተልዩ፡ ህዝብና፡ ብ1952 ሓድነቱ ከረጋግጽ ብዘይምኽኣሉ፡ ናጽነት ሃገርና ን41 ዓመታት ክናዋሕ ምግዳዱን፤ እሞ ከኣ ኣዝዩ ከቢድ ዋጋ ድሕሪ ምኽፋል ዘረጋገጽናዮ ምዃኑን ኢዩ።

ስለ'ዚ፡ ካብ ግዝኣት ናይ ሓደ ውልቀ-ሰብ ወጺእና ናይ ህዝቢ መንግስቲ ንምትካል፡ ናይ ደምበ ተቓውሞ ሓድነት ዝጠልብ ምዃኑ ክንግንዘብ ይግባእ። እዚ ምስዝኸውን ከኣ'ዩ ህዝብና ኣብ ክሉ ክዓስል ዝኽእል። ናይ ሓደ ውልቀሰብ መንግስቲ ውድቀት ግን፡ ዘይተርርፍ ኢዩ።

ሓውኩም መሓመድ ስዒድ ዓንጠጣ
16.07.2006